

Tigrinya

Department of **Education**

GOVERNMENT OF WESTERN AUSTRALIA

Public education
**A world of opportunities**

ካብ መውዓሊ ህፃናት ክሳብ 2 ዓመት

# ኣብ ገዛ STEM ምፍታሽ፣

ሳይነስ፣ ቴክኖሎጂ፣ ኢንጂኔሪንግን ሒሳብን

ወለዲ ናይ ደቆም ምምሃርን ዕብየትን ንክሕግዙ ተግባራትን ሓሳባትን

CC BY

# ኣብ ውሽጢ እንታይ ኣሎ


| | |
|---|---|
| ቆልዑት ብተፈጥረኦም ግዱሳት እዮም | 1 |
| **STEM** እንታይ እዩ | 2 |
| ፀዋታ ንምምሃር መሰረታዊ እዩ | 3 |
| መዘናግዒ ሳንዱቅ መፃወቲ-ኣቁሑ | 4 |
| ኣብ ክሽነ ውሽጢ | 5 |
| ንምሕተት ክእለታት | 7 |
| ብምንባብ ምምሃር | 7 |
| ኣብ ዝናባማ መዓልቲታት | 8 |
| ኣቑሑታትካ ምእካብ | 9 |
| ዓበይቲ ናይ-ደገ ገዛ | 10 |
| ብምሽት | 12 |
| ኣብ ደንደስ ባሕሪ | 13 |
| ኣብቲ ፓርክ | 13 |
| ዓፍራ ምንፋር | 14 |
| ኣብ ሰብነት መሕጸቢ ግዘ ፀወታ | 15 |
| ደጊምካ ሕሰብ፣ ምቕናስ፣ ደጊምካ ምስራሕ፣ ደጊምካ ተጠቐም | 16 |



ኣርእስቲ፡ ኣብ ገዛ ቀንዲ መስመር ምፍታሽ፡ ሳይነስ፣ ቴክኖሎጂ፣ ኢንጂኔሪንግን ሒሳብን

SCIS ቁፅሪ፡ 1831078
ISBN: 978-0-7307-4608-9



© ናይ ትምህርቲ መምርሒ ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

እዚ ጽሑፋዎ ሕትመት ብትካላት ትምህርቲ ንግዳዊ ንዘኾኑ ዕላማታት ብሙሉእ ኮነ ብኽፋል ብናጻ ክቅዳሕ ይኽእል እዩ።


እዚ ጭብጢ ሓበሬታ ብዝምችው ኣማራፂ ፎርማት እንትሕተት ክቀርብ ይኽእል እዩ


ናይ ትምህርቲ መምርሒ
ኣድራሻ፡ 151 Royal Street
East Perth WA 6004
ስልክ: 9264 4111
ዌብ ሳይቲ/W: education.wa.edu.au





© ናይ ትምህርቲ መምርሒ ፡ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017



# ቆልዑት ብተፈጥረኦም ግዱሳት እዮም

ምፅዋት፣ ምፍታሽን ብዙሕ ሕቶታት ምሕታትን - ብኽምዚ እዮም ህፃናት ብዛዕብ ኦም፣ ብዛዕባ ካልኦትን ብዛዕባ ኸባቢኦም ክግንዘቡ ዝኽእሉ

እዚ መፅሓፍ ኣብ ቀንዲ መስመር ምምሃርን ዕቤትን ንምሕጋዝ ዝኽእሉ ኣብ ገዛ ምስ ደቅኻ ክትገብሮም ትኽእል ብዙሓት ምንቅስቓሳት ኣለዎ (ሳይነስ፣ ቴክኖሎጂ፣ ኢንጂኔሪንግን ሒሳብን)

© ናይ ትምህርቲ መምርሒ ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

# STEM
# እንታይ እዩ

STEM ማለት ኣብ ዙርያ ሳይነስ፣ ቴክኖሎጂ፣ ኢንጂነሪንግን ሒሳብን ዘወሓሕድ ናይ ትምህርቲና ምዕባለን ከይዲ እዩ።

STEM ህፃውንቲ ዝመሃርዎ፣

- ሕቶታት ምሕታት
- ሓቢርካ ምስራሕ
- ንፈጠራ ምሕሳብ
- ጸገማት ምፍታሕ
- ምፍታሽ
- ሓሲብካሉ ንዝመጽእ ሓደጋታት ምውሰድ
- ንመፍትሒታት ምፍታሽ
- ነገራት ንምሥራሕ ሓደሽቲ መንገዲታት ምፍጣር

ከም ናይ ውላድካ ናይ መጀመርያ መምህር መጠን፣ ካብ ውልዕነት ጀሚሩ ናይ ቀንዲ መሰመር ክእለቶም ክትሃንፀሎም ትኽእል፣ እዚ ድማ ንቀፃሊ ትምህርቶም ጥንኩር መሰረት ይፈጥር ህፃውንቲ ንክፃወቱ፣ ክፍትሹን ክመራመሩን ብምትብባዕ፣ ኣብ ምምሃር ንቁሓት ተሳተፍቲ ንክኾኑ ትሕግዞም ኢኻ

> ምስ ዝማዕበለ ቴክኖሎጂ፣ 65% ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝተምሃሩ ህፃውንቲ ክሳብ ሕዚ ገና ኣብ ዘይተፈጠሩ ስራሕቲ ናይ ምስራሕ ዕድል ኣለዎም





© ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017



# ፀዋታ ንምምሃር መሰረታዊ እዩ

ፀወታ መዘናግዒን ንናይ ህፃናት ትምህርቲን ዕብየትን `ውን ሓጋዚ እዩ

ብፀወታ፣ ህፃውንቲ፥

- ምስ ዝሰርሕዎ ድልየትን ምትእስሳርን ኣለውዎ
- ካልኦት ብምቅዳሕ ተምሃር
- ድልየቶም ንምእላሽን ንባዕላቶም ሕቶታት ንምምላስን ነፃነት ኣለዎም
- ብናህቶም ፍጥነት ተምሃር
- ምስ ዓበይትን ካል ኦት ህፃናትን ንምዝርራብን ንምቅርራብን ተምሃር
- ግምታውነቶም ኣዕብዮ
- ህንፀት ዕገና

ኣብ ገዛ፣ ኣብ ደገን ኣብ ሕብረተሰብን ብዛዕባ STEM ንምምሃር ብዙሕ ዕድላት ኣለው፣ ካብ ኩሉ ብዝበለፀ፣ ነፃ እዮም

ምምርሳሕ ፅቡቅ እዩ! ናይ ምፅዋትን ምምሃርን ሓጋዚ ክፍሊ እዩ - ድሕሪኡ ምፅራግ እውን

## እንታይ ክገብር ይኽእል?

- ናይ ውላድካ ግዱስነትን ፈጠራን ኣማዕብሎን ኣኽብሮን
- ውላድካ ብናይ ባዕሎም ፍጥነት ንክመርመሩን ንኽመሃሩን ፍቀደሎም
- ውላድካ ዘቅርቦም መልሲታት ተቀበሎም - ንባዕላቶም ፍፁም ትኽክለኛ ስምዒት ስለዝህቦም
- ብዙሓት ሕቶታት ሕተት ሕቶታት ውላድካ እቲ ስራሕ ንኽርድኦ ይሕግዝ እዩ

ደቅኻ ምስ ባዕላቶም ምስ ካል ኦትን ንክፃወቱ ዕድል ሃቦም - እዚ ናይ ዓርሰ-እምነቶምን ተለማማዳይነቶም ክእለታት ይሃንፆ እዩ

© ናይ ትምህርቲ መምርሒ ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

# መዘናግዒ ሳንዱቕ መፃወቲ-ኣቑሑ

- ውላድካ ኣብቲ ባንቡላ ሳንዱቕ ኣቑሑት ንክመርጽ ማለት ብመጠን ዓቐን፣ ቅርጺ፣ ሕብሪ፣ መልክዕ፣ ክብደት፣ ዓይነት ኣቕሓን ጥቕሚ ስርዓዮም
- ክልተ ባንቡላ መፃወቲ-ኣቑሑ ውሰድ እሞ እቲ ዝኸበደ ገምት እቶም ባንቡላታት መፃወቲ-ኣቑሑ ኣብ ሕድሕድ ኣእዳውካ ብምሓዝ ተገንዚብ ክብደት ንክተወዳድር ሚዛን ተጠቀም
- ኣብ ከም ዝተፈላልዩ ፀፍሒታት መኻይን፣ ኣእማንን ኳዓሳሱን ብኽንደይ ፍጥነት ከምዝኸዱ ተመልከት እቲ ፀፍሒ ብምቕይያር ናይቶም ነገራት ፍጥነት ብኽንደይ ከምዝቕየር ተመልከት



## ዕዮ

ኣብ ሕድሕድ ጫፍ ብፕላስቲክ ሻንጣ ብምእሳር ሚዛናዊ መለክዒ ምፍጣር። እቲ መስቀሊ ክዳን ኣብ መንጎ ክልቲ ኦም ወምበራት ኣብ ዝተዘርገሐ ዕንፅይቱ ምንጥልጣል። ኣብ ሕድሕድ ሻንጣ ኣቕሑት ኣቀምጥ ውላድካ ከበድቲን ፎኮስቲን ኣቑሑት እንትውሰኽ እንታይ ከምዝፍጠር ተመልከት።




CC BY
© ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017



# ኣብ ክሽነ ውሽጢ

- ምግቢ-ንምስራሕ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ከምዘለዎ ንውልድካ ኣርእዮ፣ እዚ'ውን ነቲ መምርሒ ምድላው ምግቢ ምንባብ፣ እቶም መስራቲ መግቢታት ምልካዕን በቲ ኦቨን ወይኻዓ ስቶቭ ጌርካ ክበስል ምግባር።
- ምግቢ ክትሰርሕ ከለኻ እንታይ ትገብር ከምዘለኻ ንውላድካ ግለፀሉ ከም በዓል ብዙሕ፣ ውሕድ፣ ፎኪስ፣ ከቢድ፣ ዝመኽኽ፣ ሓሪፍ፣ ትኩስ፣ ዝሑል፣ ዝሓቅቅን ዝቅመጥን ዘኣመሰሉ ቃላት ምጥቃም
- ናይቶም ዓይነታት ስም ምግላጽ ነቶም ነገራት ክተሓዋወስ እንከሎ እንታይ ከምዝፍጠር ውላድካ ክግምት ከምዘለዎ ምግባር።
- እቶም ዓይነታት ኣጨንዎም ጠዓሞም (ውላድካ ነቶም ቅመማት ናይቲ ፀብሒ ኣካላት ንክጥዕሞም ትገብር ድሕንነቶም ምስ ኣረጋገፅካ ጥራይ እዩ)
- ነቶም ምግቢ ኣካላት ክተብስሎም እንከለኻ ብኸመይ ከምዝቀያየሩ ንውላድኻ ኣዘራርብ።

## ጀላታ

- ውላድካ ቅድሚን ድሕሪን ማይ ምውሳኽካ ናይቲ ጀላታ መልክዕ ዝምልከት ንኽገልጽ ግበሮ (ካብ ደረቅ-ነገር ናብ ፈሳሲ)
- እቲ ጀላታ ኣብ ፍሪጅ ምስ ኣቐመጥካዮ ውልድካ በቢ ፍርቂ ሰዓት ንኽርእዮን ከመይ ከምዝቀየር ንኽዛረብ ግበር
- እቲ ጀላታ ካብ ፍሪጅ እንትወፅእ እንታይ ከምዝኸውን ሕተት ፈትኖ!

© ናይ ትምህርቲ መምርሒ ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

# ኣብ ኽሸነ (ዝቅፅል)

## ብቢሑቅ ተፃወት

- ክንደይ ቅርጺታትን መስርዕን ብሓባር ከምትፈጥር ከምትኽእል ምርኣይ።
- መሰረታዊ ዘይቲ፣ መንፀባረቂን ሑፃን ናብቲ መፃወኢ ቢሑቅ ብምውሳኽ መልክዕን ጨናን ምቕያር።

## ናይ ክሽነ ኣቕሑት

- ዝተፈላለዩ ናይ ክሽነ ኣቕሑት ብከመይ ከም ዝሰርሑ ተገንዘብ፣ ከም ባዓል ፀፊጅ ማንካን ናይ ኣይስ ክሬም ማንካን
- ናይቲ ማንካ ክልቲኡ ገፅ ነፀብራቕ ተመልከት ሕተትሕድሕድ ገጽ ንምታይ ተፈልዩ ከምኡ'ውን ኣይኑ ገፅ እዩ ምስ መስትያት ዝመሳሰል
- ውላድኻ ንእሽተይ፣ ዓብዩ፣ ፎኪስን ከቢድን ኣቑሑት በመልዓሊ-ጌሩ ንኽልዕል ግበሮ።

## ዕዮ

ምስ ውሉድካ ስቶብ ስራሕ ብዛዕባ እቶም ትደልዩም ክፍሊታት ተዛረብ፣ ንኣብነት ኦቭን፣ ሞሞቂ-መዝሓሊ፣ ሰዊችን መቃፅሊን ከም ሳንዱቅ፣ ጨፍ ጥርሙዝን ባኮን ዝመሰሉ ክፍልታት ንምፍጣር ቁሳት ምእኻብ። ስቶብ ክትሰርሕ ከለኻ እቶም ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ናበይ ከምዝኸዱን ብኸመይ ከምዝተሓሓዙን ተዛረብ ብድሕሪኡ'ድማ ነቲ ስቶብ ቐለም ምልኻይ!




CC BY
© ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

# ንምሕተት ክእለታት

ኣብ ክንዲ እወ ኣይኮነን መልሲታት ምሕታት ንህፃውንቲ ሓሳባቶም ኣተሓሳስበኦም ንኽስፍሑ የተባብዕ።

| ሕተት | ንኣብነት |
|---|---|
| እንታይ ይገብር | ድሌት ይስምዓኻ'ዶ? ዓይንኻ ዓሚትኻ እንታይ ከምዝስመዓካ ንገረኒ።<br>ይመስል'ዶ? ሕብሪ፣ ስርርዕ፣ ዓቀን፣ ቅርፂን መልክዕን ኣነፃፅር<br>ይጥዕም'ዶ? ቅድሚ ሕዚ ከምዚ ዓይነት ነገር ጥዒምካ ትፈልጥ'ዶ?<br>ይሽትት'ዶ? ዝኾነ ነገር የዝክረካ'ዶ?<br>ድምጺ ይመስል'ዶ? እዚ ድምፂ ቅድሚ ሕዚ ኣበይ ሰሚዕካዮ ኔርካ? |
| … እንተኾይኑ እንታይ ዘጋጥም ይመስለካ | ማይ ክንውስኽሉ ዲና?<br>መፃወቲ መንሽራተቲ ብዝገዘፈ ተመሓይሹ'ዶ? |
| … ንምታይ ይመስለካ? | እቲ ዕላሎት ተንቀሳቂሱ? |
| ብኸመይ … | ሮቦት ይሰርሕ? |
| እንታይ ይፍጠር እንተድኣ | መጠን ናይቶም ዝተፈላለዩ መፃወቲ-ኣቑሑ መሽከርከሪ ቀይር? |
| ብኸመይ ትኽእል ,… | ዝተመዛዘነ ብሎክ ፍጠር? |

# ብምንባብ ምምሃር

ምስ ውልድካ፣ ኣንብብ ግዙፍ ሽኮርቲ ዝመስል ሱር/ The Enormous Turnip ብኣይሪን ዩትስ ዝተጸሓፈ ምንባብ።

- ዝበለፀ ሃበሬታ ንምሃብ ምስ ውላድካ ብዛዕባ `ገለጽቲ` ኣረፍተ ነገር ሙሉኣት ሓሳባት ብምጥቃም ብዛዕባ እቲ ታሪኽ ተዛረብ፣ ንኣብነተe እቲ ሽጉርቲ ዓብዪ ስለዝኾነ ከቢድ እዩ.
- እቲ ሽጉርቲ ንምቁራፅ ዝኽእሉ ካልኦት መገዲታት ተዛረብ፣ ከም በዓል ናብ ኣናእሽተ ክፋላት ምቑራፅ ምዝራብ።
- ኣብቲ ገዛ ነገራት ንምንቅስቃስ ብዛዕባ ዝከኣለሉ ዝተፈላለዩ መንገዲታት ተዛረብ

ምስ ውላድካ፣ ተዛረብ ብዛዕባ ብጣዕሚ ዝጠመየ ሓራዛዚኖ/ The Very Hungry Caterpillar ብ Eric Carle ዝተጸሓፈ ምዝራብ።

- ምስ ውላድካ፣ ኣብ ኣትኽልቲ ቦታ ዕንብላሊዓት ምድላይ። እቶም ቀለማትን ስርርዕን ናይ ክንፍታታ ግለጾም
- ከም ሓራዛዚኖ ተኸደን ከም ሓራዛዚኖ ተንቀሳቀስ። ኣብ መንበሪ-ሓራዛዚኖ ብከመይ ከምዝነበሩን ካብቲ መንበሪ-ሓራዛዚኖ ብከመይ ከምዝወፁን ንውላድካ ምሕታት።
- እንስሳን ሰባትን ብዛዕባ ዘለዎም ዑደት ህይወት ተዛረብ።

© ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

# ኣብ ዝናባማ መዓልቲታት

- ኣብ ዝተፈላለዩ ፅፍሒታት ኮይንካ ነቲ ዝናም ኣዳምፅ። ንውላድካ ሕቶታት ሕተቶ ከም ድምፁ እንታይ ይመስል? ኽምኡ'ውን እንታይ ዓይነት ጨና ኣለዎ?
- ናይ ገዛ እንስሳን ካሎት እንስሳታትን ቀዲሞም እንታይ ይገብሩ ኔሮም፣ ቅድሚን ድሕሪን ዝናብ።
- ናብቲ ደመና ተመልከት ብዛዕባ መናታት ካብ ዝተፈላልዩ ቅርፂን ሕብሪን ምኳኖም ተዛረብ።



## እቲ ዓብዪ ቤተሰብ መኺኹ

- ኩሎም ናይ ቤተሰብ ኣባላት ናይ በረድ-ሳንዱቅ ሃቦም፣ ድሕሪኡ'ድማ ፍሪጅ ከይተጠቀሙ ምሕቃቅ ናይቲ በረድ ብኸመይ ጠጠው ከምዝብልዎ ሕተቶም። ንኣብነት ናብ ካልሲ ንኽእትውዎ ግበር፣ ወይ ብኣሉሚንየም ክጥቅልልዎ ወይድማ ኣብ ሓመድ ክቀብርዎ ምግባር። እቲ በረድ ንክሓቅቅ ክንደይ ጊዜ ከምዝወስደሉ መዝግብ። ሓደሓደ በረዳት ካብ ካልኦት ንምንታይ ቐልጢፎም ከምዝሓቅቁ ምዝራብ።

**ዕዮ**

ናይቲ ዝናብ ጨብራሕታ ኣብቲ ቃላይ ተመልከት። ውላድካ ብኢዶም ናይ ማይ ጠውላሕታ ክፈጥሩ ግበር ንናትኻ ምስሊ ነፀብራቅካ ተመልከት። ኣብ ልዕሊ እቲ ቃላይ እናዘለልካ ናይ ማይ ጨብራሕታ ፍተር


© ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

# ኣቑሑታትካ ምእካብ

- ምስ ውላድካ እቶም ኣቑሑታት ከምኒ ሼላት፣ ኣናእሽቱ ኣእማን፣ ቆፅሊ.ታትን ክንቲትን ዝበሉ ኣክብ ኣብ ከባቢ ገዛኻ ኣብ ዝረኣይ ቦታ ግበሮም ወይኻዓ ኣብ ዝተፈለየ ቦታ ኣቀምጦም።
- እቶም ኣቑሑት ብዝተፈላልየ ጎጅሎም ንኣብነት ብሕብሪ፣ ዓቐን፣ ፅዕቀት፣ ቅርፂን ጎናዊ ብዝሓትን። ሕድሕድ ጉጅለ ብኸመይ ከምዝመሳሰልን ከምዝፈላለን ምስ ውላድካ ተዛረብ። ከም በዓል መስመር፣ ክቢ፣ ትርቢዒት፣ ሰለስተ-መኣዝንን ሬክታንግልን ዝብሉ ቃላት ተጠቀም። ንዝተደጋገሙ መስርዓትን ፍሉያት ዲዛይንን ኣልሽ።
- ሕድሕድ ኣቕሓ ብመግዘፊ መነፀር መርምሮ ወይ ድማ ብሞባይል ስልክኻ ፎቶ ኣልዒልካ ባቲ ስክሪን ኣግዝፎ

እቲ ስራሕ እናሰራሕኻ ብዙሕ ፎቶታት ኣልዕል። ናይቶም ፎቶታት ምስሊ ንምቕያር ናይ ሞባይል ኣፕሊኬሽን ተጠቀም። እዚ ንናይ ውላድካ ዲጂታል ክእለት የማዕብል።



© ናይ ትምህርቲ መምርሒ ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

# ዓበይቲ ናይ-ደገ ገዛ

- ውላድካ ናይ ቐደም ናይ ክሽነ ማንካታት ከም`ኒ መፅፈፍ፣ መንቆርቆር፣ ሽሓነን ጃግን ተጠቒሙ ንክኹዕትን ምስ ማይ፣ ሑፃን ጭቃን ንክፃወት ምግባር።
- ማይ ካበይ ከምዝመጸን ናበይ ከምዝኸይድን ተዛረብ። ውላድካ ማይ ኣብቲ ፀፍሒ ንኽቀብእ ወይ ክንፅግ ብምግባር እቶም ሃሳባት ሞክሮም፣ እንታይ ከምዝፍጠር ተመልከት። እዚ ስራሕ ክዳውንቲ እንትሕፀቡ ከመይ ከምዝነቕጹ ብምዝርራብ ኣስፍሃዮ።
- ዝተሰንጠቀ ጋዜጣ ናብ ዓብዪ ጃር ኣእትው ድሕሪኡ ማይ ግበረሉ ብቀሊሉ ክረአ ምእንቲ ናብቲ ጃር ክሳብ ፍርቁ ዝትወሰነ ዘርኢ ናይ ዓተር ድፋኣሉ እቲ ጃር ኣብ ሙውቅን ፎርኪስን ቦታ ኣቀምጢ ድሕሪኡ እቲ ወረቀት ኣርሒስካ ሓዞ ኣብ ሰሙን እንታይ ከምዝፍጠር ተመልከት (እስቱ ሱር ንታሕቲ እቲ ካሊእ ኣካል ንላዕሊ ይቦቅሉ)

## መፃወቲ ገደና

- ናይ ኣሕምልቲን ዕምበባን ዘርኢ ከሙ ውን ኣናእሽቱ ኣትክልቱ ምስ ውላድካ ኮይንካ ትኸል፣ ብጊዜ ከመይ ከምዝዓብዩ ተመልከት ፎቶ እንሰኣልካ እቲ ለውጢ መዝግብ ብዛዕባ እቲ ለውጢ ብሓደ ተዛረብ
- ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ እናተኸልካ ብኸመይ ተፈላልዮም ከምዝዓብዩ ተመልከት (ፀሓይ ብርሃን፣ ዓይነታት ሓመድ፣ መቀመጢ ተኽሊን መቀመጢ ተኽልታትን) እቲ ኣፈላልዮምን እቲ ዝበለፀን ተመያየጠሉ

ዕዮ

ምስ ውላድካ ብመግዘፊ መነፀር ጌርካ ንእሽተይ መሬት ኣተኣላልሽ ሕቶታት ሕተት ክንደይ ነፍሳት ትርኢ ኣለኻ? ኣብ ሓደ ነፍሳት ተመሲጥካ እንታይ ይገብር ከምዘሎ ተመልከት ናበይ ከምዝኸይድ ዘሎ ተኸተሎ




cc BY © ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017



© [illegible] ኣውስትራሊያ 2017 CC BY

# ብምሸት

- ምስዉላድካ ምሸት ነቲ ደገ ብላምባዲናንብዘይላምባዲናንተመልከቶ - ሕቶታት ምሕታት ከም እንታይ ይረኣየካ ኣሎ? ከምኡ'ውን እንታይ ትሰምዕ ኣለኻ?
- ብላምባዲና ጌርካ ኣብቲ መንደቕ ፅላሎት ፍጠር እቲ ላምባዲና እንትቀርብ ወይ ድማ እቲ ኣቕሓ ካብቲ መደቕ እንትቀርብ ኮነ እንትድሕር ፅላሎት ብኸመይ ከምዝቅየሩ ተዛረብ




© ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣዉስትራሊያ 2017

# ኣብ ደንደስ ባሕሪ

- ውላድካ ስምዒቶም ተጠቂሞም ናይ ኣየር ጨና፣ ማዕበል ምርኣይ፣ ኣዕዋፍ ምስማዕ፣ ናይ ባሕሪ ማይ ምጥዓምን እቲ ሑፃ ክስምዖምን ንክለልዩ ምግባር።
- ኣብ ደንደስ እቲ ማይ ጠጠው ኢልካ እቲ ማዕበል ናብ ኣእጋርካ ክበፅሕ ግበር ሕቶታት ምሕታት ከም ኣብ ትሕቲ እግርኻ እንታይ ይስምዓካ ኣሎ?

**ሰዮ**

ኣብ ጎኒ እቲ ባሕሪ ጉድጓድ ኳዓት እሞ እቲ ጉድጓድ ማይ ንኽመልእ ክንደይ ጊዜ ከምዝወስድ ምርኣይ። እቲ ማይ ካበይ ከምዝመፀ ተዛረብ። ኣብቲ ጉድጓድ ጠጠው ኢልካ እንታይ ከምዝፍጠር ተመልከት።

# ኣብቲ ፓርክ

- እቲ ዛፍ ተመራመሮ ነቲ ጉንዲ ዛፍ ቢድካ ሞክሮን ሓዞን እቲ ቀረፋ እንታይ ከምዝመስል፣ እንታይ ስምዒት ከምዘለዎን ጨንኡን ዝምልከት ሕቶታት። ክንደይ ሕብሪ ከምትረክብ ተመልከት ብዛዕባ ኣብቲ ዛፍ እንታይ ከምዝነብር ተዛረብን ዝኾነ ነገር ክትረክብ እንተኽኢልካ ተመልከት።
- ዓይንኻ ዓፊንካ ዝተፈላለዩ ድምፂታት ስማዕ። እንታይ ክትሰምዕ ከምእትኽእል ተዛረብ፣ ንኣብነት እተን ኣዕዋፍን እቲ ንፋስ ነቶም ኣቁፅልቲ እንተንቀሳቕሶምን። ካብቲ ፓርክ ዘለው ድምፂ ስማዕ፣ ንኣብነት መኻይንን ኣውሮፕላንን
- ኣብቲ ቦታ ጠጠው በል ኣብ ጎንኻ ብዛዕባ ዝንቀሳቀሱ ነገራት ተዛረብን ሕቶትን ከምናይ ኣዕዋፍ ኣብ ላዕሊ እንትበራ፣ ኣቁጽልቲ ናብ መሬት እንትረግፋ፣ ኣኻልብ እንትጎዩን ሰባት እንትንቀሳቀሱን።

### መፃወቲ ኣቕሓ

- ሽለውላጋ-መጻወቲ ርኸብ! እቲ ሽለውላጋ መፃወቲ እንታይ ከምዘሰርሖ ተዛረብ። እቲ ሽለውላጋ መፃወቲ ከመይ ናብ ብራኸ ከምዝኸይድ ግለፅ።
- ኣብቲ መንሸራተቲ ናብ ታሕቲ ተንሸራተት፣ ብኸመይን ንምታይን ኣብ ፍርቂ እቲ መንሸራተቲ ጠጠው ከምዘይትብል ተዛረብ።
- ኣብቲ መንሸራተቲ ዝኾነ ኣቕሓ ስደድ። ብኸመይ ከምተፍጥኖን ተዘንግዖን ተዛረብ፥

# ዓፍራ ምንፋር

- ዓፍራታት ኣፈንድእ እሞ ውላድካ ንኽሙክሮምን ንኽሕዞምን ምግባር። ሕቶታት ምሕታት ከም እቲ ዓፍራ እንታይ የንፍሮ? ከምኡ'ውን እቲ ዓፍራ ንምታይ ይነቱግ? እቲ ዓፍራ ኣብ ኣየር ክንደይ ከምዝፀንሕ ተመልከት።
- ውላድካ ብጉቦ ኢዶምን ኣመልካቲ ኢዶምን ጌሮም ኣናእሸተይ ክቢ ንኽሰርሑን እቲ ክቢ ንኽንፍርዎን ምግባር።

ዕዮ

## ብከመይ ጌርካ ዓፍራታት ትፈጥር

600ml/ሚሊ ሊትር ናይ-ኣቕሑ-መሕፀቢ ሳሙናን 25ml ሚሊ ሊትር ግሊስቲንን ናብ ሓደ ሊትር መቀመጢ ኣእትው እሞ ድሕሪኡ ማይ ምምላእ። ወላድካ መፅረጊ ቱቦ ተጠቒሙ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ክቢ ዙርያ ዋንድ ክሰርሕ ምግባር። ውላድካ እቲ ዙርያ ዋንድ ናብቲ ሕውስ ዓፍራ ንኽጥልቆ ግበር እሞ ኣብቲ ክቢ ዙርያ ኣንፍሮ።




© ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017



# ኣብ ሰብነት መሕጸቢ ግዘ ፀወታ

- ኣብ ሰብነት መሕጸቢ ውሽጢ ምስውላድካ ኮይንካ ዝተፈላለዩ ነገራት ምቕማጥ። ውላድካ ከምዝሳፈፍ ወይኻዓ ከምዝጥሕል ዘሎ ክሪኡ ምግባር። ቅድሚ ምጅማርም እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ሕተቶም። ሓደ ሓደ ነገራት ንምንታይ ከምዝንሳፈፉ ካልኦት ድማ ንምንታይ ከምዝጥሕሉ ሕተቶም። ኣብ ልዕሊ ማይ ዝንሳፈፉ ነገራ ክጥሕሉ፣ ዝጠሓሉ ድማ ንክንሳፈፉ ምግባር።
- ውላድካ እተፈላለዩ ኣቑሑ ማይ መሊኡ ከፍሰሶ ምግባር። ጽሩይ ናይ ሻምፖ መትሓዚ ተጠቒምካ ማይ ምውጻእ። እቲ ብርጭቆ ማይ ሒዙን ባዶ ኾይኑን እንተሎ ጨፍጥጠ እሞ እንታይ ከምዝሰመዐካ ንገሮም። ኣብ ትሕትን ኣብ ልዕልን ማይ ዘሎ ብርጭቆ ጨፍጥጠ እንታይ ከምዝኮን ድማ ሕተት።

መውፀዪ ሰብነት መሕጸቢ/ሻወር እንትንቀል እንታይ ከምዝኾን ምሕታት።

© ናይ ትምህርቲ መምርሒ ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017

# ደጊምካ ሕሰብ፣ ምቕናስ፣ ደጊምካ ምስራሕ፣ ደጊምካ ተጠቐም

## ደጊምካ ሕሰብ

- ውላድካ ንቤት ትምህርቲ ብመኪና ዘይኮነስ ብእግሪ ምውሳድ። ካብ ቤት ትምህረትካ ርሒካ እትነብር እንተደኣ ኾይንካ ዝተወሰነ ብመኪና ዝተረፈ ድማ ብእግሪ ምኻድ።
- ውላድካ ብባእሎም ምስ ካልኦት ክጥቀምሉ ዘለዎም መንገዲ ንክሓስቡ ምትብባዕ። ዘየድልዩ ከም ጎሓፍ ናብ ጎሓፍ መጠራቐሚ ምግባርን ድሕሪ ጽዋታ ከጽርዩን ምሕባር።



## ምቕናስ

- ኣብ ዘይትሰርሓሉ እዋን ኣብ ዳሞጎጎ ዘለዉ ቁሳቑስ ብምጥፋእ ፍጆታ ኤሌክትሪክሲቲ ንምቕናስ ውላድካ ንክጥፍኦም ኣምህሮ። እቶም ምልክታት ንምዝካር ብሓንሳብ ግበሮም።
- ውላድካ ስኑ እንተጽሪ እንከሎ ነቲ ቧንቧ ማይ ል እጸው ምግባር።
- ንውላድካ መዐቀኒታት ማይ፣ ጋዝን ኤሌክትሪክን ኣርእዮ ምእንታን እቶም ዓቐናት ከመይ ከምዝቐጽሩ ምእንታን ክፈልጥ።
- ውላድካ ሰብነቱ/ነብሱ እንትሕፀብ መዕቐሪ ማይ ኣቕሚጥካ ዝተዋህለለ ማይ ዓቕን።

## ደጊምካ ምጥቃም

- 'ንደጊምካ ዝሰርሕ' ምልክት ንውላድካ ኣርእዮ። ደጊምካ ዝሰርሕ ክንደየናይረብሓ ከምዘለዎ ምዝራብ።
- ብዛዕባ ደጊምካ ክሰርሑ ዝከእሉን ዘይከእሉን ቁሳቑሳት ዘቲ።

## ደጊምካ ምጥቃም

- መጠቕለሊ ውረቐት፣ ካርቶናትን ካርድታን ጥበብን ስእልን ንምስራሕ ደጊምካ ተጠቐመሎም። ከም ፔንሲል ቐክን ዝኣመሰሉ ቁሳቑስ ትምህርቲ ኣብ ሓደ መአከቢ ፕላስቲክ ወይ ከኣ ብርጭቆ ኣቕምጥ።
- መቐመጢ ጫማታ ተጠቒምካ መፃወቲ ኣሻንጉሊታት ንምስራሕ ፈትን።
- ናብ ሩባ ካብ ምካድ ቀዲምካ ኣብ ገዛ ዘሎ ማይ ደጊምካ ምጥቃም እትኽእለሉ መንገዲ ኣልሽ።


© ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017




ዕዮ

እቶም ቁሳቑስ ናብ መአከቢ ጎሓፍ ቅድሚ ምድርባይካ ደጊምካ ክስርሑ ዝክእሉ ከይኮኑ ብዛዕባ ነብሲ.ወከፍ እቶም ኣቕሑት ምስ ውላድካ ተዘራብ እቶም ደጊሞም ክስርሑ ዝኽእሉ ቁሳቁሳት ፈሊኺ ብሓደ ግበሮም

© ናይ ትምህርቲ መምርሒ ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራሊያ 2017



ISBN 978-0-7307-4608-9

©ናይ ትምህርቲ መምርሒ፣ ምዕራባዊ ኣውስትራልያ